# ሃይማኖት
# ናይ ግሊ ሃገር ግን ናይ ሓባር




ሓጂ ሙሳ ባዓል ድርብ ስረ
ጅግና ተወሊዱ ኣብ ማእከሎም ኮይኑ ዝመደረ
ደጊምካዮ ጅግንነት ከቢረ
ኣምበሳ ኣናብስ ምሳኻ ዝመኸረ
ካብቶም ዝቀደሙ ንህ.ግ.ደ.ፍ. ዝደፈረ

መን᾿ዶ ኣሎ እዩ ተኣሲሩ ዝተማሕረ
ክትሰትዮ ምበር ወሲንካ ነቲ መሪር ዕረ

ዘይተነግረ᾿ ምበር የለን ዘይተገብረ
ዘፍረሶ ከይሃንጽ ከለዎ ዝዕረ
ሕጃበይ ክቅንጥጥ ነዊሕ ዝጸዓረ
ወሲኑ ፈሪዱ ቁሩብ ከይሓፈረ
ሕጂ ከተግብሮ መጸ እንዳፈከረ
ኣቦ እንዶሞ ኣለኒ ጽኑዕ ልቡ እምነ ዓረ
ታናይ ጥንቲ ናይ ዓባየ ጉልባብ እኮ ንሳ እያ

ሕብርን ሽምን ቀይራ᾿ዶ ሎሚ ገጊኻያ
ከማዓልካ ወዲ ኣክርያ ሓቂ ዝለመደ
ኣግሂድካዮ ነቲ ዘይተጋህደ
ኣምበሳ ከተማ ዘይተጻዕደ



ዓል እኽሪያ ታ ባዓልቲ ዓቕሊ
እምበለይ ኢላቶ ነቲ መታለሊ
ሕጃብ'ዩ ብረታ ጠያይት ዘይደሊ
ወዲ  ኣኽሪያ  ወዲ  ቀይሕ ባሕሪ
ንሓርየት ጽሪግካ ጽሩይ ማይ ክትዛሪ
ለሚድካዮ  እቲ ናይ  ህግደፍ  በትሪ
ኣብ  ውሻጠ  ኣትዩ  ዝኾበለሉ  ከኣሪ
ኣኳደድካሉ'ባ    ብብርሃን    ብቀትሪ
ህ.ግ.ደ.ፍ. መልሓሱ ሓይኹ ግዒሩ ብነድሪ
እንታይ ኣሎ ዳሃይ ገዛውቲ ዳሃይ ጎረባብቲ
ዝተረፈ የለን ኩሉ ተዳጒኑ ኣብ ማእሰርቲ
ሽማግለ  ሰብኡት  ቅልዓ ምስ ሰበይቲ
ካብ ሕቖፎ እንዳመንጠልካ

ናይ  ኣዋርሕ  ሕጻውንቲ
ጸበኣን  እንዳፈሰሰ ኣደታት መጥበውቲ
ክፍቲ  ቦታ  የለን  መሊኡ ገዛውቲ
ቁሪ እንዳተገርፉ ተኣሰሩ ኣብ ካንሸሎ
ህልኽን ትዕቢትን ጽልእን ዝዓብለሎ
ጸላኢና ኮይኑ እቲ ውላንድና ንብሎ
ሰራዊት ኤረትራ ታሪኽካ ኣይትቀይር
ምስ    ህዝብኻ    ደው    በል
ከብድኻ  ብጥሙዩ  ክንደይሻዕ  ክትታለል
ኣኺሉ   እዩ   ሰዓቱ   ተደዊሉ  እዩ  ደወል



እብ ውድቀት ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ቀሪብካ ኢኻ ከተዕልል
ን ህ.ግ.ደ.ፍ ከውርድ ካብታ ዝተሰቅላ በቅሊ
ተቢጊሱ   ነይሩ   ተባዕ  ሃገረይ ባሃሊ
ኣግዲያሞ እንዶ' ሞ ጀግና ወዲ ዓሊ
ኣብ ታሪኽ ኤረትራ ክዝከር ነባሪ
ወዲ ኣንበሳ ወዲ ሓራስ ነብሪ

ክትግብሮ ናይ ኣሕዋቱ ሕድሪ
ባርነት    ነጺጉ    ብትሪ
ሕቶ መሰል እዩ ሕቱኡ ንኽብሪ
ኣደ ቶም ጀጋኑ ሎምስ ኣንጸርጺራ
ሕርነት ክተውሕስ ብደርብ ቀቢራ
ናብራ ሓሲምዋ እምብዛ ኣማሪራ
ምውዳእ ኣብይዋ ሓሳረ መከራ
ንብዓታ ነጺፉ ደቃ ዘዘኪራ
ኣቦ / ምርኩሰይ ዝበልካዮ ሕንቁቅ ሕሳስልደ
ትልእኮ   ስኢንካ   ኣርሒቁ  ምስ  ከደ
ኣብ    ስደት    ሰፈሩ    ዘዝተወልደ
ተረፍ ዝተኣሰረ ኣብ ባሕሪ ዝጣሓለ ዝተሓርደ
ግዝይኡ   የብቅዕ  ግዜ  ምፍልላይ ኣጉዶ
ሓግዝ   ሓውኻ   ኣብቲ   ዘኣጎዶ
ሓንቲ መዓልቲ ኣላ ብሓደ ንኸዶ















ሃይማኖት ናይ ግሊ ሃገር ግን ናይ ሓባር
ሃገራዊነትካ ኣመስክር ብተግባር
ሕጂ እያ ሰዓታ ተቃለስ ብሓባር




ኣሎኒ መንእሰይ ዝያዳ ሓሞት ዝተዓደለ
ኣብ ዓለም ውን ብጅግንነት ዝልለ
ሽሾ ንህቢ እንተ ተበደለ
መን ይብልዎ ሃገረይ ክሸይጥ ዝደለለ
ሕጂ ውን መጽዩ ኣሎ ተንኮል ተጻዊኑ
ናይ መንፈሳውያን ጉልባብ ተሸፊኑ
ምንእሰይ ከጋጊ ኳሓሒሉ ሽሙ
መታለል የዋሃት ኩርኳሕ ብቀደሙ
ህዝቢ ክጎዛዚ እሳ እያታ ዓቅሙ
ሓንቲ እያ እታ ደርፉ ከይሰምዕ ጸሚሙ
ከየጋየኩም ሕሉፍ ከይትደግሙ
ድጋፊ ኣግኣዝያን ምስምስ ኣብዚሕካ
ኣሕዋት ከይተናቁት ነገር ኣሳዊርካ
ተበጊሰ ኣለኹ ንመሰለይ መሰልካ
ሃየ ሓግዘኒ ዘርግሓዩ ኣእዳውካ
ኣይት ዓንቅፈኒ እስሪቤት ጸሊእካ
ኣይትሓንኩለኒ ሞት እንተ ፈሪሕካ
**ካብ ጓል ኣኽርያ**







FORTO 2013
lives for
EVER!!
ERITREANS HELD HOSTAGE
BY ITS GOVERNMENT